Fred Hutch Cancer Center

# መሰላትኩምን ሓለዋኹምን ኣንጻር ሃንደበታዊ ሕክምናዊ ክፍሊትን ክፍሊት ሕሳብን ኣብ ግዝኣት Washington

**ካብ 1 ጃንዋሪ 2025 ጀሚሩ**

ህጹጽ ክንክን ምስ እትረኽቡ ወይ ካብ መርበብ ወጻኢ ኣብ ዝርከብ ሆስፒታል ወይ ናይተመሳላሲ ማእከል መጥባሕቲ ብዘሎ ወሃቢ ኣገልግሎት ክትሕከሙ ከለኹም፡ ካብ ሃንደበታዊ ክፍሊት ወይ ክፍሊት ሕሳብ ትሕሎ።

## “ክፍሊት ሕሳብ” (ሓድሓደ ግዜ “ሃንደበታዊ ክፍሊት” ተባሂሉ ዝጽዋዕ) እንታይ እዩ?

ናብ ሓኪም ወይ ካልእ ወሃቢ ክንክን ጥዕና ክትከዱ ከለኹም፣ ዝተወሰኑ ካብ ጁባኹም ዝወጽእ ወጻኢታት፣ ከም ሓባራዊ ክፍሊት፣ ሓባራዊ መድሕን፣ ከምኡውን/ወይ ምጉዳል ዕዳ ክህልወኩም ይኽእል እዩ። እዞም ወጻኢታት እዚኦም ምክፍፋል ወጻኢታት ይበሃሉ። ካልእ ወጻኢታት ክህልወኩም ይኽእል ወይ ድማ ንሓደ ወሃቢ ኣገልግሎት እንተርኢኹም ወይ ኣብ መርበብ ውጥን ጥዕናኹም ዘይርከብ ትካል ክንክን ጥዕና እንተበጺሕኩም ምሉእ ሕሳብ ክትከፍሉ ትኽእሉ ኢኹም።

“ካብ መርበብ ወጻኢ” ነቶም ምስ ውሕስነት ጥዕናኹም ውዕል ዘይፈረሙ ወሃብቲ ውሕስነታትን ትካላትን ይገልጽ። ካብ መርበብ ወጻኢ ዝኾኑ ወሃብቲ ኣገልግሎት፣ ኣብ መንጎ እቲ ውጥንኩም ክሽፍሎ ዝተሰማምዓሉ፣ ንሓደ ኣገልግሎት ዝኽፈል ምሉእ ገንዘብ ዘሎ ፍልልይ ሕሳብ ክሽፍሉልኩም ክፍቀደኩም ይኽእል እዩ። እዚ ድማ “ክፍሊት ሕሳብ” ይበሃል። እዚ መጠን ገንዘብ ካብቲ ንሓደ ዓይነት ኣገልግሎት ኣብ ውሽጢ መርበብ ዝወጽእ ወጻኢታት ዝበዝሐ ክኸውን ይኽእል እዩ፡ ኣብቲ ዓመታዊ ካብ ጁባኹም ዝወጽእ ገደብ ድማ ዘይክቖጸር ይኽእል።

“ሃንደበታዊ ክፍሊት” ዘይተጸበኹም ናይ ሕሳብ ክፍሊት እዩ። እዚ ክኸውን ዝኽእል ኣብ እዋን’ቲ መን ኣብ ክንክንኩም ከም ዝሳተፍ ክትቈጻጸርዎ ምስ ዘይትኽእሉ እዋን እዩ—ንኣብነት ኣብ እዋን’ቲ ኣብ ኣምቡላንስ ክትጓዓዙ ከለኹም፣ ህጹጽ ኩነታት ምስ ዘጋጥመኩም ወይ ኣብ ሓደ ኣብ መርበብ ዘሎ ትካል ክትበጽሑ መደብ ምስ እትገብሩ፣ እንተኾነ ግን ብሃንደበት ካብ መርበብ ወጻኢ ብዝርከብ ወሃቢ ሕክምና ክትሕከሙ ምስ እትኽእሉ እዩ።

መድሕን ትካላት፣ ብመንገዲ መርበብ ሓበሬታታቶም ወይ እንተሓቲትኩም፣ ኣየኖት ወሃብቲ ኣገልግሎት፣ ሆስፒታላትን መሳለጥያታትን ኣብ መርበባቶም ከምዘለዉ ክትነግሩኹም ይግደዱ። ሆስፒታላት፡ ትካላት መጥባሕቲ፡ ወሃብቲ ኣገልግሎት፡ ወሃብቲ ህጹጽ ኣገልግሎት ጥዕና ባህርን ወሃብቲ ናይ መሬት ኣምቡላንስን ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም ወይ እንተሓቲትኩም ኣብ ኣየኖት መርበባት ወሃብቲ ኣገልግሎት ከም ዝሳተፉ ክትነግሩኹም ኣለዎም።

## ካብ ክፍሊት ሕሳብ ምኽፋል ተዓቒብኩም ኢኹም ን፦

### ህጹጽ ኣገልግሎት

ናይ ህጹጽ ሕክምናዊ ኩነታት፣ ናይ ኣእምሮ ጥዕና ወይ ናይ ኣጠቓቕማ መድሃኒት ጸገም ምስ ዝህልወኩም፣ ከምኡውን ናይ ህጹጽ እዋን ኣገልግሎት ካብ ካብ መርበብ ወጻኢ ዝኾነ ወሃብ ኣገልግሎት ወይ ትካል ምስ ትረኽቡ፣ እቲ ወሃብ ኣገልግሎት ወይ ትካል እቲ ዝሽፍሎ ክፍሊት ናይ’ቲ ኣብ መርበብ ዘሎ ናይ መደብኩም ናይ ወጻኢታት ምክፋል (ከም ናይ ሓባራዊ ክፍሊት ወይ ናይ ሓባራዊ መድሕን) እዩ። ነዞም ህጹጽ ኣገልግሎታት እዚኣቶም ሕሳብ ክትከፍልዎ ኣይትኽእሉን ኢኹም። እዚ ድማ ናይ መሬት ወይ ኣየር ኣምቡላንስ ምዝዋር፣ ከምኡውን ኣብ ሆስፒታል ወይ ኣብ መሳለጥያታት ንህጹጽ ኩነታት ጥዕና ኣእምሮ ወይ ጸገም ኣጠቓቕማ ንጥረ ነገራት ዘጋጥሞም ሰባት ናይ ቅልውላው ኣገልግሎት ዝህቡ ትካላት እትረኽብዎ ክንክን የጠቓልል። ነዞም ህጹጽ ኣገልግሎታት፣ እንተላይ ኣብ ርጉእ ኩነታትኩም ክትረኽብዎም እትኽእሉ ኣገልግሎታት፣ ሕሳብ ክኽፈልኡም ኣይክእልን እዩ።

## ኣብ ውሽጢ መርበብ ሆስፒታል ወይናይ ተመሳላሲ ማእከል መጥባሕቲ ዝተወሰኑ ኣገልግሎታት

ካብ ኣብ ውሽጢ መርበብ ዝርከብ ሆስፒታል ወይ ናይ ተመሳላሲ ማእከል መጥባሕቲ ኣገልግሎት ክትረኽቡ ከለኹም፡ ኣብኡ ዘለዉ ዝተወሰኑ ወሃብቲ ኣገልግሎት ካብ መርበብ ወጻኢ ክኾኑ ይኽእሉ። ኣብ ከምዚ ኩነታት፣ እዞም ወሃብቲ ኣገልግሎት ዝያዳ ሕሳብ ክሽፍሉልኩም ዝኽእሉ እቲ ውጥንኩም ኣብ ውሽጢ መርበብ ወጻኢታት ዝካፈል መጠን ገንዘብ’ዩ።

**ካብ መርበብ ወጻኢ ክንክን ክትረክቡ እውን ኣየድልየኩምን እዩ። ኣብ መርበብ ውጥንኡም ወሃቢ ወይ መሳለጥያ ክትመርጹ ትኽእሉ ኢኹም።**

## መዓስ ካብ ክፍሊት ሕሳብ ምኽፋል መከላኸሊኹም ክትሓድጉ ክትሕተቱ ትኽእሉ፦

ወሃብቲ ክንክን ጥዕና፣ እንተላይ ሆስፒታላት፣ ወሃብቲ ህጹጽ ባህርያዊ ኣገልግሎት ጥዕና፣ ከምኡውን ኣቕረብቲ ኣምቡላንስ መሬት ወይ ኣየር፡ ***ፈጺምም*** ካብ ክፍሊት ሕሳብ ምኽፋል መከላኸሊታትኩም ክትገድፉ ፈጺምም ክጠልቡኹም ኣይክእሉን እዮም።

ብመንገዲ ባዕልኹም ዝምወል ናይ ጉጅለ ውጥን ጥዕና ሽፋን እንተሃልዩኩም፡ ኣብ ገለ ውሱን ኩነታት፣ ሓደ ወሃቢ ኣገልግሎት ንናይ ሚዛን ሕሳብ መከላኸሊታትኩም ንምሕዳግ ፍቓድ ክትህቡ ክሓተኩም ይኽእል እዩ፣ ግን ፍቓድኩም ክትህቡ ***ፈጺምኩም*** ኣይትግደዱን። ንዝያዳ ሓበሬታ በጃኹም ምስ ኣስራሒኹም ወይ ውጥን ጥዕናኹም ተወከሱ።

## ክፍሊት ሕሳብ ኣብ ዘይፍቀደሉ እዋን፣ እዞም ዝስዕቡ መከላኸሊታት እውን ኣለዉኹም፦

- ካብቲ ወጻኢታት ብጽሒትኩም ናይ ምኽፋል ጥራይ እዩ ሓላፍነት ዘለኩም (ከምቲ እቲ ወሃቢ ወይ መሳለጥያ ኣብ ውሽጢ መርበብ እንተዝኸውን ምኸፈልኩምዎ ናይ ሓባር ክፍሊት፣ ሓባራዊ መድሕንን ምጉዳልን)። ውጥን ጥዕናኹም ካብ መርበብ ወጻኢ ንዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎትን መሳለጥያታትን ብቐጥታ ክኸፍል እዩ።
- ብሓፈሻኡ ክርአ ኸሎ ውጥን ጥዕናኩም ከምዚ ዝስዕብ ክኸውን ኣለዎ -

- Guud ahaan qorshahaaga caafimaad waa waajib inuu:
  - ኣቐዲምኩም ንኣገልግሎታት ፍቓድ ክትረኽቡ ከየድለየኩም (ቅድሚ ፍቓድ) ህጹጽ ኣገልግሎታት ምሽፋን።
  - ካብ መርበብ ወጻኢ ብዝርከቡ ወሃብቲ ኣገልግሎት ህጹጽ ኣገልግሎት ምሽፋን።
  - ነቲ ወሃቢ ወይ መሳለጥያ (ዋጋ ምክፍፋል) ዕዳ ዘለኩም ኣብቲ ኣብ ውሽጢ መርበብ ዝርከብ ኣቕራቢ ወይ መሳለጥያ እንታይ ከም ዝኸፍሎ መሰረት ብምግባር ነቲ መጠን ገንዘብ ኣብ መግለጺ ጥቕምታትኩም ኣርእዩ።
  - ዝኾነ ንህጹጽ ኣገልግሎት ወይ ካብ መርበብ ወጻኢ ኣገልግሎት እትኸፍሉዎ መጠን ገንዘብ ናብቲ ዝቑረጽን ካብ ጁባኻምን ዝወጽእን ገደብኩም ቁጸሩ።

**ብጌጋ ሕሳብ ከምዝኸፈለኩም እንተኣሚንኩም፣** ኣብ

**https://www.cms.gov/nosurprises/consumers** ወይ
ድማ ብ 1-800-985-3059 ብምድዋል ናብ ፌደራል መንግስቲ ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም፤ ከምኡውን/ወይ ድማ ናብ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር መድሕን ግዝኣት Washington **ኣብ መርበብ ሓበሬታኦም** ወይ ብ
1-800-562-6900 ብምድዋል ጥርዓን ከተቕርቡ ትኽእሉ ኢኹም።

ብዛዕባ ብመሰረት ሕጊ ፌደራል ዘለኩም መሰላት ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ **https://www.cms.gov/nosurprises** ተወከሱ።

ብዛዕባ መሰላትኩም ብመሰረት ሕጊ ግዝኣት Washington ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብ **ኣብ መርበብ ሓበሬታ ቤት ጽሕፈት ኮሚሽነር መድሕን ግዝኣት Washington** ተወከሱ።v